# ዛንታታት ብምጥቃም እግሪ ተኸሊ ዉላድካ ቋንቋ ንኽምሃር ንምሕጋዝ
# Using stories to help your toddler learn language

## መጽሓፍቲ ዛንታታት ምስ ዉላደይ ከመይ ጌረ ክጥቀም ይኽእል?
**(How can I use storybooks with my child?)**

ቋንቋ ማለት ነንሕድሕድና ንምርኻብ ቃላት ወይ ምልክታት ከመይ ከምንጥቀመሉ እዩ። መጽሓፍቲ፣ ምንባብን ዛንታታት ምንጋርን ዉላድካ ቋንቋ ንኽምሃር ኣብ ምሕጋዝ ኣገዳሲ ተራ ይጻወት። ዛንታታት ምንጋር ዉላድካ ናይ ምዝራብን ምስማዕን ክእለታት ንምህናጽ ክሕግዞ ይኽእል።

ውላድካ ብመጽሓፍትታት ንምሕጓስ ብፍጹም ኣዝዩ ንእሹቶ ኣይኮነን። ምስ ተወልዱ ዛንታታት ምንባብን ምንጋርን ክትጅምረሎም ትኽእል ኢኻ። ኣብ ንእስነቶም መጽሓፍቲ ዝርእዩን ምስኡ ዝጻወቱን እንተኾይኖም ዉላድካ ንሙሉእ ዕድሚኡ ናይ ምንባብ ፍቕሪ ክሓድሮ ይኽእል እዩ።

## እግሪ ተኸሊ ዉላደይ ቋንቋ ክምሃር ንምሕጋዝ መጽሓፍትታት ከመይ ጌረ ክጥቀም ይኽእል?
**(How can I use books to help my toddler learn language?)**

ንዓኻን ንእግሪ ተኸሊ ዉላድካን ምስ መጻሕፍቲ ሓጎስ ክህልወኩም ብዙሓት መንገድታት ኣለዉ። ሓደ ሓደ ርእይቶታት ኣለው:-

- ቀሊልን ብሩህ ዝሕብሮም ስእልታት ዘለዎም መጽሓፍቲ ኣንብብ።
- ዉላድካ ክጻወተሎም ዝኽእል መጽሓፍቲ ኣንብብ። ንኣሽቱ ቆልዑ ከም lift-the-flap መጽሓፍቲ፣ ጸወታታት ኣጻብዕቲ፣ ስምዒት ነገራት ዘለዎም መጻሕፍትን ድምጽታት ዝገብሩ መጻሕፍትን ዝኣመሰሉ ንዕኦም ዘሳትፉ መጻሕፍቲ ይፈትዉ።
- እቲ መጽሓፍ ዉላድካ ክመርጾን ዝደለይዎ ገጻት ክግንጽሉን ፍቀደሎም። ብዛዕባ ዝመረጽዎም ገጻት ከተንብብ ወይ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ድሌታቶም ክዕቅቡ ይሕግዞም። ቆልዑ እንተድኣ ተገዲሶም ዝበለጸ ይመሃሩ።
- ኣብቲ ስእልታት ነገራት፣ ሰባትን ተግባራትን ጥቀስ። ብዛዕባ ስእልታት ንምዝርራብ ንዉላድካ ግዜ ሃቦ።
- ዉላድካ ነቲ መጽሓፍ ክሕዞን ገጻት ክግልብጥን ፍቀደሉ። እዚ ዉላድካ መጽሓፍ ከመይ ከምዝትሓዝ ክምሃር ይሕግዞ።
- ዉላድካ ክርድኣ ብዝኽእል መንገዲ እቲ ዛንታ ንገሮ። ከምቲ ተጻሒፍዎ ዘሎ ከተንብቦ የብልካን። ንነኣሽቱ ቆልዑ፣ ንጽል ቃላት ወይ ሓጸርቲ ሙሉእ ሓሳባት ብዛዕባ ነፍስወከፍ ገጽ ብቐሊሉ ክትዛረብ ትኽእል ኢኻ።
- እቲ ዛንታ ብሓባር ተዛረቦ። እቶም ገጻት ንምግልባጥ ተራ ውሰድ እሞ ኣብቲ ገጽ ዘለዉ ስእልታት ብዛዕብኦም ተዛረብ። ተራ ብምውሳድ፣ ቆልዑ ዝርርባት ክቅጽሉ ዝደልይዎም ኣገዳሲ ክእለት ይመሃሩ።
- ብዙሕ ግዜያት መጽሓፍ ኣንብብ ወይ ዛንታ ንገር እሞ ዉላድካ እቲ ዛንታ ኣጸቢቑ ክፈልጦ እዩ። እዚ ዉላድካ ዛንታ ኣብ ምዝንታዉ ክሕግዞ እዩ። ዉላድካ ከተሳትፎ እትኽእለሉ ሓደ መገዲ፣ ሙሉእ ሓሳብ ብምጅማር ዉላድካ ክዉድኦ ግበር (ንኣብነት:- “ኣብ ዕለታት ሓደ መዓልቲ፣ 3 ______ ይነብሩ ኔሮም።”)

## ንቆልዓይ መጽሓፍቲ ኣበይ ክረክብ እኽእል?

**(Where can I find books for my child?)**

እተ ቤተ መጽሓፍቲ ንእግሪ ዘይተኸለ ዉላድካ ብዙሓት ዝለዓሉ መጽሓፍቲ ኣለዉዎ። ኣብ ደኳናት ቁጠባ፣ መሸጣ ጋራጃትን በቲ ቤተ መጻሕፍቲ ዝተወገዱ መጽሓፍቲ ብዝበለጸ ዋጋ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉ ናይ ቆልዑ መጻሕፍቲ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ። ብተወሳኺ ምስ ካልኦት ስድራቤታት መጽሓፍቲ ምንጋድ ትኽእል ኢኻ።

## ሓገዝ ክትረክብ ናበይ ትኸይድ

**(Where to go get help)**

ብዛዕባ ብኸመይ ናይ ዝርርብ ቋንቋ ፓቶሎጂስትን ኦዲዮሎጂስትን ክሕግዙኻ ከምዝኽእሉ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፣ ተራኸብ ምስ፦

- ሓኪምካ፣ ነርስ ህዝባዊ ጥዕና ወይ ካልኦት ወሃብቲ ጥዕና
- ናትካ ከባቢያዊ ማእከል ጥዕና

ን**24/7** ምኽሪ ነርስ ከምኡዉን ሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥዕና ፣ ብመራኸቢ ስልኪ መስመር **811** ደዉል። ተርጓማይ እንተደሊኻ፣ እቲ እትደልዮ ቋንቋ ጥራይ በል።

**መጨረሻ ዝተኸለሰሉ፦** ለካቲት 15, 2023

**ደራሲ፦** Allied Health, Speech, Language, Hearing and Audiology, Alberta Health Services

እዚ ሓበሬታ ነቲ ብቑዕ ናይ በዓል ሞያ ጥዕና ምኽሪ ዝትክእ ኣይኮነን። እዚ ሓበሬታ ንሓፈሻዊ ሓበሬታ ጥራይ እዩ እሞ ኣብ "ከምዘለዎ"፣ "ኣብ ዘለዎ" መሰረት ጌሩ ዝቐረበ እዩ። ናይዚ ሓበሬታ ቅኑዕነት ንምርግጋጽ እኹል ጻዕርታት እንተተኻየደ እኳ፣ ንቅኑዕነቱ፣ ተኣማንነቱ፣ ሙሉእነቱ፣ ተፈጻምነቱ ወይ ናይዚ ሓበሬታ ንፍሉይ ዕላማ ብቕዓቱ Alberta Health Services ዝኾነ ውክልና ወይ ውሕስነት፣ ገለጻ፣ ዝተሓሰበ ወይ ብሕጊ ዝተወሰነ ኣይገብርን እዩ። Alberta Health Services ናይዚኦም ሓበሬታታት ኣጠቓቕማ ዝምልከት ኩልም ተሓታትነትን ዝኾነ ጥርዓናትን፣ ስጉምትታትን፣ ጠለባትን ወይ ካብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኣጠቓቕማ ዝለዓሉ ክስታትን ከምዘይቅበል ብንጹር ይገልጽ።